Tigrinja

REGION JÄMTLAND HÄRJEDALEN

# ጉዕዞ ካብ ናብ ናይ ክንክን ቆጸራኺ/ኻ ኣብ ውሽጢ'ቲ ኣውራጃ

እንድሕር ኣብ ኣውራጃ የምትላንድ ትቕመጢ/ጥ ኾይንኪ/ካ ኣብ ግዜ ናይ ሓኪም ክንክን፡ ኣብ ግዜ ናይ ጥዕና ክንክንን ናይ ስኒ ክንክንን፡ ካብ ኣውራጃ የምትላንድ ሀርየዳለን ናይ መጓዕዝያ ረድኤት* ክትረኽቢ/ክብ ትኽእሊ/ል ኢኺ/ኻ። ኣብ ግዜ ናይ ጥዕና ክንክን ምክልኻል መገሻ (ንኣብነት ናይ ጥዕና መርመራታትን ክታበታትን) ረድኤት ኣይወሃበክን/ካን እዩ። ናይ ማኪና መቑሚ ክፍሊት፡ ዘይትኸፈልዮ/ሎ ናይ ስራሕ ኣታዊ ወይ ምግቢ ኣይክፈልን እዩ። ናይ መጓዕዝያ ዓይነት ብዘየገድስ ከሉ ከም ሕምምቲ/ሙም ግዜ 100 ኮሮና ናይ ንጽል ጉዕዞ ትኸፍሊ/ል ኢኺ/ኻ። እዚ ናይ ባዕሊኺ/ኻ ክፍሊት ይበሃል።

ኣብ ግዜ ምጥላብ ወይ ጻውዒት እቲ ግዜ ከም ዝሰማማዕን ካብ ናብ ቤት ሕክምናን ብኸመይ ከምእትመላለስን ናይ ተጓዓዛይ ሓላፍነት እዩ። ኣውራጃ የምትላንድ ሀርየዳለን ካብ ናብ እቲ ዝተመደበ ናይ ሕማም ቆጸራ ብኸመይ ከምእትመላለስ ሓላፍነት የብሉን።

እቲ ጉዕዞ ብኣውቶቡስ፡ ብባቡር ወይ ናይ ግሊ ማኪና ኸካየድ ይኽእል እዩ። ምእንቲ ረድኣት ክትወሃቢ/ብ እቲ ናይ ሕክምና ጉዕዞ ረድኣት ፎርም (ኣብ'ቲ መቐበሊ ዝወሃብ) ነቶም ቦኽሪ ወረቓውቲ (ኣውቶቡስ/ባቡር) ናብ'ቲ ናይ ኣውራጃዊ ናይ ተሸከርከርቲ ምምሕዳር ስደድዮ/ዶ።
ነቲ ናይ ሓባራዊ ተሸከርከርቲ ናይ ግዜ ሰሌዳ ናብ www.ltr.se ተወከስ።

**ነዓኺ/ኻ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ዘለኪ/ካ ወይ ብኻልእ ብሕክምናዊ ምኽንያታት ወይ በቲ ናይ ሓባራዊ ህዝባዊ መጓዕዝያ ንኽትንቀሳቐሲ/ቀስ ዕዙዛት ሽግራት ዘለውኺ/ኻ፡ ኣዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ይምልከተኪ/ካ፡**

ካብ ወሃብ ክንክን ብሕክምናዊ ዝተደረኸ እንድሕር ኮይኑ ጥራሕ እዩ እቲ ጉዕዞ ብታክሲ ኽካየድ ዝኽእል። እቲ ወሃብ ክንክን ንዝመጽእ ኣጋጣሚ ነቲ ሕክምናዊ ኣድላይነት ዘጠንክር ሓደ ፍሉይ ምስክር ወረቐት ይሓትም። እቲ ብኽፍሊ ሕክምና ዝምወል መጓዓዝያ ናይ ኣገልግሎት ፍቓድ ዘለዎን ነዚ ከረጋግጹ ዝኽእልን - ብዘይ ፍሉይ ምስክር ወረቐት ታክሲ ይወህብ እዩ። ርሑቕ፡ ናይ ሓባራዊ መጓዓዝያ ዘይምህላው፡ ዘይምቹእ ግዜ፡ ብግዜ ዘይሰማማዕኪ/ካ ናይ ሓባራዊ መጓዓዝያ ወይ ትሑት ናይ ቁጠባ ትሕዝቶ ብቑዕ ምኽንያት ኣይኮነን።

ዋላ እውን ናብ ቤት ሕክምና ናይ ታክሲ ጉዕዞ እፈቐደኪ/ካ እምበር ንገዛኺ/ኻ መምለሲ ንኽፍቀደኪ/ካ ውሁብ ከምዘይኮነ ኣስተውዕሊ/ል።

እቲ ታክሲ ብናይ የምትላንድ ናይ መጥለቢ ማእከል እዩ ዝጥለብ (እንተደንጎየ ክልተ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ቅድሚ እቲ ዝተመደበ ቆጸራ)።

እንድሕር ታክሲ ብኻልእ ኣገባብ ጠሊብኪ/ካ እቲ ዝያዳ ዋጋታት ባዕልኺ/ኻ ትስከምዩ/ሞ። እንድሕር እቲ ናይ ጥዕና ማእከል ምስ ተዓጸወ ሓሚምኪ - ምስ ናይ ክንክን ሕማም ወሃብ ምኽሪ፡ ቁ.ስ. 1177 ርክብ ግበሪ/ር፡ ምእንቲ ናይ ጥዕናኺ/ኻ ኩነታት ክግምግሙ።

እቲ ናይ ጠለብ ማእከል ምእንቲ እቲ ዋጋታት ብዝተኻእለ መጠን ክትሕት ነቲ ጉዕዞታት ናይ ሓባር መደብ ይገብሩ እዮም፡ ስለ'ዚ ምስ ካልኦት ሓቢርኪ/ካ ክትጓዓዚ/ዝ ቅርብቲ/ሩብ ክትኮኒ/ከውን ኣለኪ/ካ። እምበኣር ካብ/ናብ ናይ ኦስተርሹንድ ቤት ሕክምና ብታክሲ ምጉዓዝ ቀዋሚ ናይ ምብጻሕ/ምብጋስን ግዜታት ይዝውተር እዩ። እቶም ቀወምቲ ናብ ኦስተርሹንድ ናይ ምብጻሕ ግዜታት ሰ.07:45ቅ.ቀ፡ ሰ.09:30ቅ.ቀ. ከምኡ'ውን ሰ.1:00ድ.ቀ. እዮም።

**ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ሕማም ጉዕዞታትን ሕግታቶምን**
**ኣብ www.regionjh.se/sjukresor**

**ርኽክባት ብዛዕባ ናይ ሕማም ጉዕዞታት**

ናይ ረድኣት መመከቲ ኣድራሻ
Länstrafiken, Särskild kollektivtrafik,
Hamngatan 14, 831 34 Östersund

ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ሕማም ጉዕዞታታት
ኣውራጃዊ ናይ ተሽከከርቲ ምምሕዳር፡ ናይ ስራሕ
መዓልትታት ሰ.10:00ቅ.ቀ.- ክሳብ ሰ.12:00 ፍርቂ መዓልቲ።
ቁ.ስ. 063-554 13 35

ናይ መጓዓዝያታት መጥለቢ
ናይ የምትላንድ ናይ ጠለብ ማእከል ጠለብ ቁ.ስ.
0771-82 00 83 ባቡርን ነፋሪትን ኣን መዓልቲ ስራሕ
ሰ. 8 ቅ.ቀ.-ክሳብ ሰ. 5 ድ.ቀ፡ ቁ.ስ. 063-19 91 32
ህጹጽ ጉዳያት ዝተረፈ ግዜ 0771-82 00 83

* ኣብ መንጎ ናይ ህዝባዊ ኣድራሻ ምዝገባ መዓልትታትን ኣብ መንጎ እቲ ኣውራጃ የምትላንድ ሀርየዳለን ዝቐረበ ዝተመዝዘ ወሃብ ክንክንን።